*ክስንጥቓ እዩ"* (ሉቃ 2:34-35) እናበለ ኣቐዲሙ ኣጠንቂቑዋ ከምዝነበረ ንፈልጥ። ገና ኢየሱስ ብሕጻኑ ከሎ፣ ንጉሥ ሄሮድስ ክቐትሎ ምድላዩን፣ ብእኡ ምኽንያት ከኣ ንግብጺ ሒዞምዎ ምህዳሞምን ንማርያም ኮነ ንዮሴፍ ኣዝዩ ኣጉህዩዎም ከምዝነበረ እውን ዘይከሓድ ሓቂ እዩ። ምእንትዚ ብጽዕቲ ድንግል ማርያም ንኢየሱስ ካብ ትወልዶ ክሳዕ ዝመውት ብእምነት ጉዕዞኣ ቀጸለት፣ ክሳብ ኣብ እግሪ መስቀልውን፣ ኣብቲ ምስ ወዳ ዝነበራ ምሉእ ሓድነት ብተኣማንነት ጸንዐት። ነቲ ናይ እግዚኣብሐር መለኮታዊ መደብ ብምሕላው፣ ኣብ ጥቓ እቲ ስቑል ወዳ ደው ብምብላ፣ ምስቲ እንኮ ወዳ ኣብቲ *መሥዋዕቱ* ብናይ ወላዲት ልባ ብምጽንባር፣ ነቲ ጻዕቂ ስቅያት ብምጽዋር፣ እቲ ካብኣ ዝተወልደ ገንሸል ኪሰዋዕ ብፍቕርን ብንብዓትን ተሳተፈት። መዝገበ ሃይማኖትና ከምዝብሎ፣ *"ድሕሪ ዕርገት ወዳ ማርያም ብጸሎታ ኣብ ምምሥራት ቤተክርስትያን ተሓጋገዘት። ኣብቲ ምስ ሓዋርያትን ካልኦት ብርክት ዝበላ ኣንስትን ብንብረት ዝነበረቶ፣ ማርያም ኣብ ጸሎት ተጸሚዳ፣ ድሮ ካብ ጊዜ ብሥራታ ኣጸሊሉዋ ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ህያባት ከተማልድ ንርኢያ"* (መዝ.ሃይማ ቍ. 965)።

ኣብቲ ሎሚ ዘንበብናዮ ወንጌል ቅዱስ ዮሓንስ ቀጺሉ፣ ***"ኢየሱስ ነዲኡን ነቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙር'ውን ኣብ ጥቓኣ ደው ኢሉ ምስ ረኣየ፣ ነዲኡ 'ኣቲ ሰበይቲ! እንሆ ወድኺ'*** በላ"፣ ይብለና። ***'ኣቲ ሰበይቲ እንሆ ወድኺ!*** ዝብል ቃላት እንታይ እዩ ትርጉሙ? በዚ ቃላት እዚ ገቢሩ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ኣብ ኣፍ ሞት እንከሎ፣ ንማርያም ኣዲኡ፣ ነቲ ዝፈትዎ ወዲ መዝሙሩ፣ ተምሃሪኡ ኣደ ክትኮኖ ኣወፈያ። እዚ ወፈያ እዚ ግን በቲ ዘፍቅሮ ወድመዝሙሩ ገቢሩ ንኩልና እዩ ኣደ ክትኮነና ሂቡና። ብካልእ ኣዘራርባ፣ ኢየሱስ ነዲኡ፣ *"ኣብዚ ምድሪ ንኣይ ጥራይ ኢኺ ወሊድኪ፣ ሕጂ ግን በሸሓት ብምልዮናት ዝቝጸሩ ውሉድ እህበኪ ኣሎኹ። ስለዚ ኣይትብከይ፣ ተጸናንዒ"* እዩ ዝብላ ዘሎ። ንዮሓንስ ድማ "እንሃ ኣዴኻ" ስለዝበሎ ከምቲ ቅድስቲ ኤልሳቤጥ *"ኣደ ጐይታይ ናባይ ክትመጽእኒ እዚ ከመይ ኮነለይ"*! (ሉቃ1:43) እናበለት ብምግራም ዘመስገነት፣ ቅዱስ ዮሓንስ ከኣ *"ኣደ መምህረይ፣ ኣደ ጐይታይ፣ ኣደ መድኃኒየይ ንሓላለይ ክትወሃበኒ"* ክንደይ ተዐዲለ፣ ከመይ ኮነልይ እናበለ ነቲ ኢየሱስ ስቑል ዝሃቦ ዓብይ ህያብ ብስም ኩልና ተቐቢሉ *"ካብ ሽዑ ጀሚሩ ናብ ቤቱ ወሰዳ"*። በዚ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ከሎ፣ "እንሆ ወድኺ፣ እነሃ ኣዴኻ" ዝተገብረ ወፈያን ምልውዋጥ ህያባትን ዘመልክት ቃላት፣ ነታ ካብ ጐድኑ ብዝፈሰሰ ደምን ማይን፣ ማለት ብጥምቀትን ብቅዱስ ቍርባንን ዝኣከባ ቤተክርስትያን መሥረተ። እናና እግዝእትነ ማርያም ንዮሓንስ ከም ወዳ ክትቅበል ከላ ብእኡ ገቢራ ንኹልና ኢያ ተቐቢላትና። ዮሓንስ ከኣ ንማርያም ከም ኣዲኡ ክቕበላ ከሎ ብስም ኩልና እዩ ተቐቢሉዋ። ስለዚ ድንግል ማርያም ኣደ ኢየሱስ፣ ኣደ መላእ ቤተ ክርስትያን እውን እያ። እቲ ናይ ኩሉም ክርስትያን መድኃንን ጸዋዕን ዝኾነ ፍቁር ወዳ ባዕሉ ዝሃበና ፍልይቲ ኣደን ኣብነትን እያ። ንሕና ከኣ፣ ነፍሰ ወከፍና፣ ከምቲ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ዝነበረ ዮሓንስ ወልደ ነጐድጓድ ፍሉያት ደቃ ክንከውን ክንጽዕር ኣሎና። ክንሕጐስ ከሎና ምስኣ ተዐብዮ ነፍስየ ለእግዚኣብሐር ንበል፣ ክንኃዝን ከሎና "እ ናዛዚተ ኀዙናን እናበልና ናብኣ ንጉየ፣ ክጨንቀና ከሎ "እ ኣደ ምሕረት" እናበልና ኣብ ትሕቲ ጽላላ ንማዕቀብ። ንኩሎም እቶም ጸሎት ክንገብረሎም ዝሓተቱናን ክንገብረሎም ዝግብኣናን፣ ብፍላይ እቶም ኣብ ዝኾነ ይኹን ጸገም ዝርከቡ፣ ብዓይኒ ምሕረት ክትጥምቶም ኣብ ጸሎትና ንዘክሮም።

ኢየሱስ ኣብ መስቀል ኮይኑ ንዮሓንስ ***"እንሃ ኣዴኻ"***! ዝብሎስ እንታይ ክትኮኖ፣ እንታይከ ክትገብረሉ ኢሉ እዩ? ንዝብል ሕቶ፣ ክብርቲ ህያብ መምህሩ ስለዝኾነት፣ ጽላል ክትኮኖ፣ ከተማልደሉ፣ ክትምህሮ፣ ከመይ ጌርካ ንቃል እግዚኣብሐር ኣብ ልብኻ ዓቝርካ ተስተንትኖ ብግብሪ ከተርእዮ ኢሉ እዩ ንገዝኡ ዝወሰዳ ክንብል ንኽእል። ልዕሊ ኩሉ ግን መንፈስ ቅዱስ በደ ኢየሱስን በቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙር ዮሓንስን ገቢሩ ነቶም ብፍርሀን ረዓድን ፋሕ ኢሎም ዝነበሩ ሓዋርያትን ኣርድእትን ኣኪቡ ቤተክርስትያን ክምሥርት ስለዝደለየ እዩ። ማርያም ኣብ ዘላቶ፣ ታሕጓስን ቅሳነትን ኣሎ። ኪዳነ ምሕረት ኣብ ትርከቦ፣ ምጽንናዕን ኣሳልጦን ኣሎ። ስለዚ ለሚና እተሰልጥ ዘይትጠልም ኣደ ስለዝሃበና ንኢየሱስ ወትሩ ከነመስግኖ ይግብኣና። ኣብ መልክዓ ውዳሴ ዘርእስቱ ጽሑፍ ሃገርና፣ *"ፈቀደ እግዚኣብሐር፣ ለኣዳም ያግእዞ፣ ሥጋኪ ንጹሓ ኣመ ረሰየ ዐራዞ፣ ማርያም ድሉት ለምሕረት ወለናዝዞ፣ ይቅብዐኒ ዕፍረተ-ጽድቅ ወያምዕዞኒ ኣምዕዞ፣ የማነ እዴኪ እዴየ እኃዞ"*። ንንጹሕ ሥጋኺ ምስ ለበሰ፣ እግዚኣብሐር ንኣዳም ሓራ ከውጽኦ ፈቐደ (ደለየ)። ንስኺ ማርያም ንምሕረትን ንምጽንናዕን ድልውቲ ኢኺ። የማናይ ኢድኪ ንኢደይ ሒዙ ድማ ክቡር ሽታ ጽድቂ ይቕብኣኒ፣ ጥዑም መቐረቱ ከኣ የመቅረኒ (መልክዐ ውዳሴ ዘሰኑይ) እናበለ እግዝእትነ ማርያም ኢድ ነፍስወከፍና ብየማናይ ኢዳ ሒዛ ከምእትመርሓናን እትሕልወናን ብዓብይ እምነት የረጋግጸና። ኣብ መልክዐ ኪዳነ ምሕረት ከኣ፣ *"ሰላም ለኪ ኪዳነ ምሕረት እመ ኩሉ፣ ዐረቦነ መንግሥት ዘላዕሉ፣ ወዘያፈቅረኪ በተሰፋ ይሄሉ"*። እ ኣደ ኩሉ ዝኾንኪ ኪዳነ ምሕረት ሰላም ንኣኺ! ንስኺ ናይ መንግሥተ ሰማይ ዕርቡን፣ ዋሕስ ኢኺ፣ ንኣኺ ዘፍቅር ከኣ ብተስፋ ይነብር። (መልክዓ ኪዳነ ምሕረት)። እምበኣር እዚ ተስፋ እዚ እዩ ሎሚ ኣብዚ ኣኪቡና ዘሎ፣ እዚ ተስፋ እዚ እዩ፣ መዓልቲ መጸ፣ ንናይ ሕይወትን ዓቐበትን ቍልቍለትን፣ ክንድይብን ክንወርድን ኃይሊ ዝህበና ዘሎ። እዛ ኣደ ኩልናን፣ ንግሥተ ሰላምን ዝኾነት ኪዳነ ምሕረት፣ ካብቲ ሓቀይና ሰላም ዘውርድ ንጉሠ ሰላም ክርስቶስ ወዳ ኣብ ከባቢናን ኣብ መላእ ዓለምን ነባሪ ሰላም ተማልደልና። ውግእን ወረ ውግን ኣብቂዑ፣ ስደተይናን፣ ምሩኻን ነንገዝኡ ዝምለሱሉ፣ እሱራት ዝፍትሑሉ፣ ሕሙማት ዝፍወሱሉ፣ ጥሙያት ዝዕንገልሉ፣ ዘመነ ጾምን ጸሎትን ምጽዋትን፣ ዘመነ ፍትሕን ሰላምን ይግበረልና። ነዚ ኩሉ ጸሎትናን ምህልላናን ኣውያትናን ናብ ወዳ ተብጽሓልና።

ኩልኹም ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝነገድኩም፣ ብጹዕ ኣቡነ ፍቕረማርያም ሓጉስ ጳጳስ ዘመንበር ሠገነይቲ፣ ካህናት ደናግል ምእመናን፣ ዓበይቲ ናእሽቱ፣ እንቋዕ ኣብ ክብረ በዓል ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ክትሳተፉ ኣብቅዓኩም። ኣጋይሽ-------ጸጥታ
ብፍላይ እቶም ነዚ በዓል ዕውት ንምግባር ብንዋይን ብጉልበትን ዝደኸምኩምን ዝጸዓርኩምን፣ ካብ ክቡር ቀሞስ ጀሚርካ፣ ደናግል፣ ቤት ምኽሪ ምእመናን፣ ያረዳውያን ሊቃውንቲ፣ መዘምራን መንእሰያት፣ ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ባዕላ ጻማኹም ትሃብኩም።
ንኩልና ከኣ ቡሩኽ በዓል ይግበረልና ናብ ነዚ ክንቅበሎ ንቀራረብ ዘሎና ዘመን ዓብይ ጾም ኣፈጺሙ ከኣ ናብ ብርሃነ ትንሣኤኡ ብድኃነ ሰላም ይጸንብረና። ኣሜን።

ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም፣
ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ